

Migrationsverket

T1

# ዓሻራን ኢሮዳከን (EURODAC)

ምስ ዘይሕጋዊ ስግረ ዶብ ብዝተሓሓዝ ምኽንያት ዝተኣስሩ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋታት ወይድማ ሃገር-ኣልቦ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 29(3) ሕጊ ኤዎሮጳዊ ሕብረት ቁ. 603/2013 [ARTICLE 29(3) OF REGULATION (EU) No 603/2013]

ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ናይ ‘ዳብሊን’ (‘Dublin’) ሃገር ትነብር ከምዘለኻ እንተተፈሊጡ[1]፣ ሰበስልጣናት ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ክወስዱን ናብ “ዩሮዳክ” (“Eurodac”) ዝበሃል ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ዳታቤዝ ከመሓላልፍዎን ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ሓቲትካ እንተኔርካ ንምፍላጥ ጥራይ ዝዓለመ እዩ፡፡ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሸራ ኣብ መአከቢ ሓበሬታ ናይ ዩሮዳክ ኣይክዕቀብን እዩ፡ እንተዀነ ግን እንድሕር ደኣ ኣብ ካልእ ሃገር ኣቐዲምካ ዑቕባ ከም ዝሓተትካ ተረጋጊጹ ናብታ ሃገር ክንመልሰካ ንኽእል ኢና።

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ንጹር እንተዘይኮይኑ፣ እንተላይ ብደይመደይ ዓሻራ ከምዘይውሰድ ንምግባር ኣጻብዕትኻ እንተዕኒኻዮ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡

ዩሮዳክ (Eurodac) ብኢዩ-ሊሳ (eu-LISA) ዝበሃል ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል እዩ ዝካየድ፡፡ ጭብጥታትካ ሕጊ ንዝእዝዞ ዕላማታት ጥራይ እዩ ምጥቃም ዝከኣል፡፡ ንጭብጥታትካ ዝቕበል እቲ ናይ ዩሮዳክ ማእከላይ ስርዓት (Eurodac Central System) ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ብተወሳኺ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ይውሰደልካ መታን ናብ ዩሮዳክ ክለኣኽ፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡

1) እዚ ንብሙሉኣን ኤውሮጳዊ ሕብረት ማለት (ኣውስትርያ፤ በልጁም፤ ክሩኤሽያ፤ ኮፕረስ፤ ቸክሪፓብሊክ፤ ደንማርክ፤ ኢስቶንያ፤ ፊንላንዲ፤ ፈረንሳ፤ ግሪኽ፤ ሃንጋሪ፤ ኣየርላንድ፤ ጥልያን፤ ላቲቪያ፤ ሉቱዌንያ፤ ላክሰምበርግ፤ ማልታ፤ ሆላንድ፤ ፖላንድ ፖርቱጋል፤ ሩሜንያ፤ ስሎቫክያ፤ ስፐይን፤ ሽወደን፤ ዓባይ ብሪጣንያ) ከምኡ’ውን ነተን 4 ሃገራት ምስ ሕግታት ዳብሊን ዝተኣሳሰራ ማለት (ኖርወይ፤ ኣይስላንድ፤ ስዊዘርላንድ፤ ላክሰንስታይን) የጠቓልል።

**©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014**
**ምብዛሕ ፍቑድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።**


## ናይ መራኸቢ ሓበሬታ

- ናይ ዩሮዳክ ተቖጻጻሪን ናይ ወኪሉን/ ወካሊቱን መንነት፤
ሚግራሾንስቨርከት/ቤት ስልጣን ምሕደራ ደቂ-ወጻኢ [Migrationsverket]
ኣድራሻ
601 70 Norrköping
0771-235 235

- ናይቲ ተቖጻጻሪ ቤትጽሕፈት ዝርከበሉ ዝርዝር ሓበሬታታት፤
ሚግራሾንስቨርከት ኣሃዱ ምምሕዳር መንነት-ወረቐት [Migrationsverket, ID-enheten]
Box 507
169 29 Solna
0771-235 235

- ናይ ሰበስልጣን ሃገራዊ ምቁጽጻር (ምዕቃብ ጭብጥታት) ዝርዝር ሓበሬታታት፤
ቤት ስልጣን ምቍጽጻር ኣብ ኮምፕዩተር ንዚግበር ኣጠቓቕማ ሰብኣዊ-ክብሪን ምእካብ ሓበሬታ ግለሰብን [Datainspektionen]
ኣድራሻ
Box 8114
104 20 Stockholm
+46 (0)8 657 61 00
datainspektionen@datainspektionen.se
http://www.datainspektionen.se/

ሰበስልጣናትና ኣብ ካልእ ሃገር ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሓቲትካ ከትከውን ከምትኽእልን እንተሓቲትካ ድማ እታ ዝሓተትካያ ሃገር ሕቶኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ክትስከም ትኽእል እያ ኢሎም እንተገሚቶም፣ ብዛዕባ እቲ ዝስዕብ መስርሕን ንዓኻን ንመሰላትካን ብኸመይ ይጸልው ዝምልከትን ዝያዳ ዝርዝራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ፡፡



BZ-01-14-068-TI-C

doi: 10.2847/21251
ISBN 978-92-9243-168-6

European Commission

EASO

Publications Office